## *<u>ወያነ ኔይራ ድኣንበር ኣላ ትበሃለሉ ግዜ ኣብቂዑ።</u>*

*ግዜ ዘይምልሶ ሕቶ የለን። እቲ ቀንዲ ዝድለ ኣብ ቁኑዕ ወገን ታሪኽ ኰንካ ምጽናሕ እዩ። ንዕስራን ሸውዓተን ዓመታት ጃንዳ ወያነ መሬት ኣይትጽርኒ ኢላ ጠገለ ዘይነበሮ ሸርዳዕዳእን ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕታትን ኣብ ልዕሊ ብሄረ-ሰባት ኢትዮጵያ ኣውሪዳ'ያ። 2018 ካብ ኣዲስ ኣበባ ተሰጕጓ ናብ መቐለ ምስ ተሓጽረት፡ ነቲ እከይ ተግባራታ ዘሳስዩ ኣዋፊራ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ነንሕድሕዱ ከተባእስን ከተቃትልን ሰርሔይ ኢላ ተተሓሒዛቶ። ህዝቢ ኤርትራ ቅሳነት ከይረክብውን ተወለጆን ሃሱሳትን ብምውፋር፡ ድጅታል ወያነ ዝበሃል ንኣግኣዛውያንን ዑሱባትን ብመርበብ ሓበሬታታት ዝፍኖ ምንቅስቓሳት ጉዙፍ ወጻኢ ሰሊዓ ዘመተ ኣካየደት። ካብዚ ብሃሱሳት ዝካየድ ወፍሪ ግን መኽሰባን ክሳርኣን ናይ ምልላይ ዓቕሚ ኣይነበራን። ከምቲ ቅድሚ ቁሩብ ዓምመታት ንመንግስቲ ኤርትራ ክትግምጥል ይሕጉዙ እዮም ዝበለቶም ዙሩዓት ኤርትራውያን ብገዚፍ ወጻኢ ኣብ ሃዋሳ ዝገበረትሎም ጉባኤ ውጺኢት ኣልቦ ዝኾነ ከይትማህረት ሕጂ ድማ ነዞም ከም ኣምበጣ ዝበልዑዋ ዘለዉ ድጅታላውያን ዝደለየቶ ከይረኸበት ክሳራኣ ተሰኪማ ክትጓዓዝ ጸኒሓ። እዚውን ኣይጠቕማን ኣብ ሓደጋ መውደቒኣ ኮይኑ።*

*ንኽልተ ዓመት ማሕዩር ኮይና ኣብ ዝጸንሓትሉ፡ ካብ ኩሉም ዘዋፈረቶም ግብረ ሰይጣናውያን ጉጅለታት ይኹን ውልቀ ሰባት እቲ ትጽበዮ ውጺኢት ከምቲ ትሓስቦ ስለ ዘይነበረ ካልእ ሓደገኛ ኣማራጺ ክትወስድ ጉጉይ መንገዲ ተኸተለት። ንሱ ድማ ነቶም ናይ ሴመን እዝ ናይ ፈደራል ሰራዊት ንጸጥታ ትግራይ ዝሕልዉ ዝነበሩ ኣብ ኩሉ ማእቶት ዝሳተፉ፡ ኣንበጣ ዝከላኸሉ ኣዘንጊዕካ ሓደጋ ምውዳቕም ዝብል እኩይን ከዳዕን ተግባር ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሃገር ምውሳድ ዝብል'ዩ። ከምጻኣላ ዝኽእል ሳዕበን ከይ ገመተት ከምቲ ዝሓሰበቶ ሓንደበት ክመጸና ኢሎም ኣብ ዘይሓሰብዎ ኣብ ጸሊም ለይቲ ኣብ ድቃሶም ከለዉ ውግእ ከፈተትሎም። ብጣዕሚ ዘሕዝንን ዘጸይፍን ተግባር። እቲ ዝወረደ ዕንወት ኣብ እዋኑ ዝግለጽ እኳ ይኹን እንበር ቀሊል ከምዘይከውን ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ ብጾት መባልዕቲ መሳትይቲ ንብዙሕ ዓመታት ብሓደ ከም ሓንቲ ስድራ ዝነበሩ እዚ ሓደጋዚ ዝኾነ ፍጡር ዝጽበዮ ኣይነበረን። ግን ከኣ ኮይኑ።*

*ወያነ ከምቲ ጩግራፍ ባዕላ ሃሪማ ተእዊ ዝበሃል ነቲ ስጉምቲ ምስ ወሰደቶ እቲ ዝመጻ ግብረ መልሲ ዓጸፋታት ምኺኑ ምስ ተማህረት ብዘይውዓል ሕደር ከም ልማዳ መንግስቲ ኣቢይ ንህዝቢ ትግራይ ከጽንት ውግእ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ከፊቱ ክትብል ኢያ ናብ ጎይቶታን ይድንግጹለይ ትብሎምን ኣውያት ጀሚራ። ኣብርእሲኡ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ኢዱ የእትዩ ኣሎ ዝብል መራጉቲ ጥርዓና እንተኾና ክስታት ኣቕረበት። ካብቲ ዘገርም ግን ሽዱሽተ ኣስማተን እንተዘይኮኑ መልከዔን ይኹን ተግባራተን ዘይረኣያ ተቓወምቲ መንግስቲ ኤርትራ ኢላ ትጽውዔ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝኹንን ኣውጅ ከውጽኣ ምግባራ'ዩ። ብጣዕሚ ዘስደምም።*

*ወያነ ነዚ ውግእዚ ክትዕወተሉ ኢላ ጀሚራቶ ኢለ ኣይኣምንን። እንታይድኣ፡ ሓደ ኣብቲ ዞባ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ሰላም ረብሓ ስለ ዘይህባ ኣተዓናቒፋ ክሳብ ዕድሚኣ ዘሎ ከተናውሖ።*

ካልኣይ ተወሪረ ህዝበይ ጠምዩ ኢላ ከም ኣመላ ሓገዝ ብስም ህዝቢ ክትወሰድ እሞ ነቲ ብፈደራል መንግስቲ ዝተወስዳ ሃብቲ ክትክእ። ሳልሳይን ቀንድን ነቲ ጥምዙሕ መሰረታዊ መበገሲ ቃልሳ ዝኾነ ዓላማ ነጻ ትግራይ ብመሰረት ዓንቀጽ 39 ሃገር ከተቑውም። ዓለም ድማ ነዚ ውግእ ተመልኪታ ኣብ ጎና እንተኾነት ካብ ዝብል ኣጉል ፍልስፍና ተበጊሳ፡ መንግስቲ ኣቢይ ኣሕመድ ንተጋሩ የጥፍኦም ኣሎ ብዝብል ኣውያት ክትጠርዕን ክትነብዕን እሞ ተቐባልነት ንምርካብ እዩ ዝመስል። ኣብ ኩሉ እትገብሮ ኣውያት ንመንግስቲ ኤርትራ ምውንጃል ብዓለም ፍታሕ ዘምጽኣላ ስለ ዝመስላ ኤርትራ ክትብል ክትጎስዕን ክተፍእን ንሰምዓ ኣሎና።

ወያነ ሎሚ ደጀን የብላን። ሳሕል ኣይተረኸበን። ሓጋዚ የብላን ኣብ ስልጣን ዝመልሳ። ተንሳሕበሉ ቦታ የለን። ነዊሕ ግዜ ኣትኪሉ ዝዋጋኣላ ሰራዊት የብላን። ዓቕማን ቁጽራን ትሕዝቶኣን ክንዲ ፈደራል ሰራዊ ኣይኮነን። ሰራዊታ ብረቱ ደደርብዩ ወይ ተማሪኹ ኢዱ ክህብ እቲ እንኮ ምርጫዩ ብሂወት ክነብር እንተ ደልዩ፡ ኣይፋሊይን እንተበለ ኣብታ ጃንዳ ዝኣጎደቶ ሓዊ ክጥበስ እዩ። ብጀነራላት ፈደራል መንግስት ዝገልጽዎ ዘለዉ ኣብ ልዕሊ ሬሳታትን ሙሩኻትን ብወያነ ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ተግባራት፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ጭዋ ኣቀባብላ ነቶም ወያነ ክዳውንቶም ኣውጺኣ ጥራሕ ነብሶም ትሰዶም ዘላ ሰራዊት ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ለዋህን ደላይ ሰላምን ምዃኑ ክቡር ባህሊ ከም ዝውንን ተመስኪሩዎ ኣሎ።

ወያነ ኣብዚ ኩሉ ሽግር ዘእተዋ ካልእ ነገር'ውን ኣሎ። ንዝምድና መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን ብዓይኒ ቅንኢ ስለ ትጥምቶ። ኩቡር ፕረሲደንቲ እሰያስ ኣብ ኢትዮጵያ ምብጻሕ፡ ብፍላይ ድማ እንጦጦ ፓርክን ኣባይ ግድብን ምብጽሑ ንወያነ ካብቲ ኣዝዩ ማዓንጥኣ ዝቖረጸ ዑደት እዩ። ወያነ ዘይትሕወሶ ጉዳይ ኩሉ ኣብ ምጥርጣርን ተንኮል ምእላምን ስለ ዘድህበላ ኣብ ቁልውላው እያ ትነብር። ኩሉ ተኣኪቡ ጭንቀት ስለ ዘሕደረላ ከምዚ ዝረኣናዮ ኣብ ገዛእ ሰራዊት ሃገራ ፈልያ ኲናት ትኸፍት። ደብረጽዮን ትግራይ መቓብር ወረርትና ክትከውንያ እናበለ ከምዘይፈከረ ሕጂ ድኣ እንታይ ርድኡና እናበለ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ሕብረት ኤውሮፓን፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣሜርካ፡ ፈረንሳ፡ እንግሊዝን ካልኦት ሃገራትን ንብዓት ሓርገጽ እናነብዔ ዘእዊ ዘሎ። መራሕቲ ጃንዳ ብድሕሪ መጋረጃ፡ ደቃውቶም ኤሮፓ ኣሜርካ፡ ደቂ ድኻታት ኣብ መጋርያ ኲናት። ህዝቢ ትግራይ ነዚ እናፈለጠ ከሎ ኣብ ጎድኒ ወያነ ኮይኑ ዘጣቕዕ ንመራሕቲ ወያነ ትረኽቦም ዕጫያ ክትረኽቦ። ብሰንኪ ጨካን ኣረመናዊ ተግባር መሪሒነት ወያነ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንድሕሪት ኣብ ዘይምለሰሉ ደረጃ በጺሑ ወያነን ሰዓብቱን ከይተደምሰሱ ዘዕርፈሉ ኣንፈት የብሉን። ብወያነ ዝተመንዝዔ ሜረቱ ኣብ ዋናኡ ክመልስ ትግራይ ኣብታ ናይ ቀደማ ክትኩርመ ከይገበረ ድቃስ የለን።

ምኅስ ነቲ ብልውህነቱ ዝምስገን ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ፡
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡ 11/11/2020